ሓዳስ ኤርትራ

12 ግንቦት 2009

# ምእንቲ ብርሃን ዝተሰግረ ጸላም

1ይ ክፋል

ጽሩይ ማይ ምህላዉ እናፈለጥካ ዝተሓምረጐ ማይ ምስታይ ክሳብ ክንደይ ስግድግድ ከምዘብል ዘይፈልጥ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን። ግዳ፣ እቲ ጽሩይ ማይ በቶም ቀላጽሞምን ኣፍ ልቦምን ዝሓበጠ ሰብ በትሪ እንተተኸለለስ ከመይ ኣቢልካ ክትረኽቦ ትኽእል? እዚ’ዩ እቲ ግድል።

ክዉንነት ሓደ’ዩ። ንክዉንነት ዝዓብጡ ወይ ክዉን ንኽይከውን ዝሓላልኹ ኣፋትል ግን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ኣህዛብ፣ ብፍላይ ከኣ እቶም ጽቑጣት፣ ኣብ ውሽጢ’ቲ ዝተጠናነገ ኣፋትል ኮይኖም መውጽኢ ንምንዳይ ላዕልን ታሕትን ክብሉ ይረኣዩ። እዚ ነቲ ዘይተሓምረጐ ማይ ንምስታይ ዝካየድ ቃልሲ’ዩ።

ጽቑጣት፣ ጥዕና ዝህቦም ማይ ጎርዳዕ ኣቢሎም ሂወት ከርውዩ ከም ዝኾነ ፍጡር ይብህጉ። ሂወት ግን ናብ ጥቓኦም ምቕራብ ትኣብዮም። ብማሕለኻታት ተጐቢኣ ሰባት ክንሶም ሰብኣዊ መሰል ትነፍጎም። ንሶም ካብ ማሕለኻ ኪወጹ ይቋራቘሱ፣ ግዳ ብበትሪ ገዛእቲ ይቕጥቀጡ።

ነፍሲ-ወከፍ ፈትሊ ናይ ገዛእ ርእሳ ትርጉም ኣለዋ። ብምዕራብ ትደርብ ብምብራቕ ክትኮኖን ክትገብሮን እትደሊ ብልሓት ኣለዋ። ትርጉማ ንዕላማኣ’ዩ ዘንጸባርቕ። ናብ ዕላማኣ ዘብጽሕ ዝተፈላለየ ሸቶታት ኣለዋ። መሬት ንምግባት ዘጣምር ርጫነ ቀስቲ ገዛእቲ ይዓቢ። ኣብዚ ቍርቍስ’ዚ ጽቑጣት ኣህዛብ ይሃልቁ። በቲ ጨመተ ኣቢሉ ኸኣ ግዝኣት ይረጋገጽ። ጽቑታት ኢዶም ንላዕሊ እንተድኣ ገይሮም ‘‘ዓወት’’ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ዓወት ጸቐጥቲ ኣብ ልዕሊ ተጸቐጥቲ። ዓወት ገበትቲ ኣብ ልዕሊ ደቂ መሬት።

ህዝቢ ኤርትራ ‘ውን ከም ኩሎም ካልኦት ኣህዛብ በዚ ፈተነ’ዚ ኣቢሉ’ዩ ሓሊፉ። እቲ ናይ ሕምሩጉን ጽሩይን ማይ ምስታይ ግድል ክፈትሕ ከኣ ብቓል ተበጊሱ። ኣብ ፈለማ ኢድ ንታሕቲ ኣፋ እንከላ’ዩ ነቒሉ። ልሳን ግን ክትምጕት ኣንቂዳ። መጕታ ንኸትረትዕ ኩሉ’ቲ ክትገብሮ ዝነበራ ገይራ።

እንተኾነ ምስ ቃል ጥራሕ ትገጥም ኣይነበረትን። ተጻያ ኣብ ልዕሊ ልሳኑ ኣብ ኢዱ ዝዓተሮ ድልዱል በትሪ ነይሩዎ። ክንዲ ዝኾነ ኸኣ ልሳን እና ክትሕይሎ በትሩ እናልዓለ የፈራርሕ። እንተደለየ ‘ውን ኢድ ክኽቕርስም ዝዓግቶ ሓይሊ ኣይነበሮን። ስለዚ ኸኣ፣ ሰብ ሓቂ ናብ ሓድሽ ሓሳብ ተሰጋጊሮም። ንኽልቢ ብእግርኻ ምውቃዕ እንካ ስጋ ማለት ምዃኑ ተገንዚቦም። ብዘይ በትሪ ዘስልጡዎ ነገር ከምዘየለ ተሰዊጡዎም። ስለዚ ኸኣ ገለ ንምግባር ወሲኖም - ንሓቂ ብበትሪ ከናድዩዋ።

ሻቡ፣ ገድሊ ሰምዮማ ንነብሶም። ህዝቢ እውን ገድሊ እናበለ ጸዊዑዎም። ስሞም ግን ንምግዳሎም ጥራሕ ዘመልክት ኣይነበረን። ኑቲ ክስከሙዎ ዝተዳለዉሉ ኩሉ ዓይነት መስገደልን ክጽመሙዎ ዝነበሮም ገደልን እውን ዘመላኽት ነበረ።

ገዛእቲ፣ ንሰብ'ዛ ሃገርን መሬታን ፈላልዮም ምስረኣዩዎም። ሽርሒታት እናጠጀኡ፣ እንተ ንምብትታን እንተስ ንጠቕሊልካ ምጥፋእ ምስ ሰርሑ፣ ጉዕዞ ገድሊ ሀ... ተባሂሉ ተጀሚሩ። ምዑታት መቐነቶም ሸጥ ኣቢሎም፣ ኣለናልኪ ንኽብሉዋ ናብ በረኻታት ሃገሮም ኣንቈልቍሎም። እቲ ሓድሽ ሂወት ገድሊ ብተጋድሎ ፈሊሙ። ገድሊን ተጋድሎን ኣብ'ቲ ብፋጻ ጽምዋኡ ዘደንቍር ጸምጸም በረኻ ተራኺቦም። ኣብኡ ኽኣ ተማሓዚዮም። ኪዳን ሓድነት ኣሲሮም። ሓደ ኑቲ ሓደ ጠሊሙ ጉዕዞኡ ንኽየቋርጽ ጸጸር ውሒጦም። ኑቲ ኣብ ቅድሚኦም ዝጸንሖም ምረት ኣብ ምስጋር ንኽይገዳድዑ ተኣማሚኖም። ተመሓሒሎም። ልቢ ሓድሕዶም ተወሃሂቦም።

ናብ ገድሊ ክወርዱ እንከለዉ፣ ጸብጺብካ ዘይውዳእ ገደል ከምዘሎ ኣይጠፍኦምን። ኑቲ ዕረ ዘምዕር ፖለቲካዊ ንቕሓት ዓጢቖም፣ ዓቐብን ቁልቁልን፣ ዘንቀጥቅጥ ቍርን ዘንጸራሩ ሙቐትን፣ ጥምየትን ጽምእን፣ ኩላቶም እናተበራረዩ ናብ ዝገርፉሉ ዓውዲ ምኻዶም ይፈልጡ ነይሮም።



ኰነ ኸኣ፣ ዉጹዓት ታሪኽ ንኽሰርሑ ናብ'ቲ ሜዳ እናበሉ ዝሰምዩዎ፣ ግን ከኣ ብግብርስ ዓቐበ ቁልቁል ዝበዝሖ መኣዲ ገድሊ ተጸንቢሮም። እቶም ''መሬታ 'ምበር ህዝባስ ኣየድሊየናን'' ዝበሉ ገዛእቲ ንገድልን ተጋድሎን ንምጥፋእ ብዘሎ ዓቕሞም ተንቀሳቒሶም። እቲ ''ወንበዴ፣ ወሮበላ፣ የኣረብ ቅጥረኛ'' እናተባህለ ብዝተፈላለየ ኣስማት ዝጥመቐ ዝነበረ ተጋዳላይ ግና፣ በቲ ሓጸልጸል ዝብል ሓጻዊኖምን ዘጕባዕብዕ ፈኸራኦምን ኣይተዳህለን።

ሂወት ተጋድሎ ኣብ ገድሊ ምስ ገደል ዝዛመድ'ዩ ነይሩ። ተጋድሎ ኣብ መንቃዓት ኣኻውሕ ሰፊሮም። ኣብ ስፍራ ኣራዊት ወሪዶም ምስ ኣራዊት ተመሓዝዮም። ሂወቶም ንምውሓስ ምስ ተመነ ዕንቅርቢት ተቓጺጾም። ነቲ ብረስኑ ዝቼሉ ህሮሩማን ጸሓይ ዝልብልቦ ጐላጉል፣ ብማይ ጽምኢ እናተገርፉ ክሰግሩዎ ፈቲኖም። ዝልከፍ ቁራስ እንጌራ ዝናፈቐ ጉሕንሕ ኣፎም ድምጹ ሓቢኡ፣ ኣእምሮኦም ግና ናብ'ቲ ገና ባናኡ ዘይረአ ዝነበረ ተስፋ ናጽነት የቋምት ነበረ።

ንገድሊ ግና ካልእ ገደል እውን ጸኒሑዎ'ዩ -ተመኩሮ። ስለዝኾነ ድማ፣ እቶም ጉዕዞኡ ዘይተበርሆም ጽኑዕ ናይ ምእራም መስመር ተኸተሉ። ኣማስያኡ ድማ ካብቲ መስመር ንኽፍለዩ ወሲኖም። ኣብ ውሽጡ ኮይንካ ክእረም ዘይተኻእለ መስመር፣ ካብኡ ተነጺልካ መስመርካ ምጽብባቕ ከምዝሓይሽ'ዮም ኣሚኖም። ስለ'ዚ ኸኣ፣ ገለ ብዓላ ገለ ድማ ብደንከል ተፈልዩ።

ምፍላዮም ግን ካልእ ተወሳኺ ሃድን'ዩ ኣስዒቡሎም። ናይ ጸላኢን ተ.ሓ.ኤን ማንታ ሃድን። ነዚ ሃድን'ዚ ክጻወሩዎ ነይሩዎም። እንተዘይተጻዊሮሞ ግና ጠፊኦም ማለት ምኻኑ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ፣ ኣብ ዝወዓሉዋ ንኸይሓድሩ ወሲኖም። ስለዚ ኸኣ፣ ኣብ ዓላ ኣለዉ ክትብሎም ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ፣ ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ ኣለዉ ክትብሎም ከኣ ኣብ ደንከል ወይ ሳሕል ይረኣዩ ነይሮም። በቃ፣ ታኮ ሽዳኦም ገምጢሎም እናለገቡ፣ ኣሰሮም ንታሕቲ ንሳቶም ከኣ ንላዕሊ እናተንዕዙ፣ ንጸላእቶም እናታለሉ ተንቀሳቒሶም።

ገዛእቲ ግና ገደዱ እምበር ኣይዓረፉን። መግዛእታዊ መልሕቖም ንምትራር ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኪቼጽዩዎ ነይሩዎም። ቓልሲ ህዝቢ ንምጥፋእ ድማ፣ ንገድሊን ተጋድሎን ከጥፍኡ ኣለዎም። ነዚ ሓቂ'ዚ ንምትግባር ከኣ መሓዙቶም ዝመጠዉሎም ሓጻዊን እናኣወጣወጡ ተበጊሶም።

''ቀይ ባህራችን በደማችን!'' ብምባል፣ ንገዛእ ባሕርና በቲ ዘይሓልዩሉ ደሞም ከምዘውሕሱዎ ብዓውታ መዲሮም። ነቲ ዋናታቱ ዝፈልጥን ዋናታቱ ዝፈልጡዎን ቀይሕ ባሕሪ ዘለዎም ባህጊ ንምዕቃብ ኣእላፍ ኣኽቲቶም። ካን፣ በቲ ካልኣይ ደንደሱ ዘይረአ ባሕርና'ዮም ተዓንዚዞም። ሰማይ፣ ምድርን ባሕርን'ዛ ሃገር ናቶም ኪኾኑሎም ተመንዮም። ብቐትሩ ሓሊሞም። ቀይሕ ባሕሪ እናበሉ የህተፍቲፎም። ሕልምን ጋህድን ሓዋዊሶም።

ጉዕዞ ገድሊን ተጋድሎን ግና መስመሮም ኣይሰሓቱን። ሃንቀውታ ህዝቦም ንምውሓስ ምስናይ ከበድቲ ተጻብኦታቶም ይሳለዩ። ምስ መከራን ጸበባን ዝኣተዉዎ ኪዳን ኣጽኒዖም ይምርሹ። ኣብ ዓዘቕቲ ጸበባ ከይተሸመምካ ዝመጽእ ራህዋ ከምዘየለ ይፈልጡ እዮም። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ ነቲ ዒቕ ዒቕ ኣቢሉ ዝቐትል ናይ ስቓይ ጸበባ ብድፍረት ይገጥሙዎ።

ናብ'ቲ ዝደለኻዮ ንምብጻሕ፣ ርሕቀቱ ብዘየገድስ ብሓንቲ ስጉምቲ ከምዝጅመር ኣይጠፍኦምን። ኣብ መንገ'ቲ ብዘርዕድ መከራታት ዝተኸበበ ጉዕዞ እንተኾነ 'ውን፣ ነቲ ዝተረፎም መገዲ ጠሚቶም ተስፋ ቈሪጾም መቐነቶም ኣይፈትሑን።

ተስፋ ሰኒቕካ ምንቃል ፍሉይ ሕላገት ገድሊን ተጋድሎን'ዩ። እታ ሎሚ ጾማ ዝሓደረት ነብሲ፣ ጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን ክስዕባኣ ከምዝኽእላ እውን ዘይትፈልጥ ኣይኮነትን። ማይ ብዘይምርካባ ዝነቕዐት ጐሮሮ፣ ኲኖ ጽምኢ ዝስዕብ ሞት ከምዘሎ ኣጸቢቓ'ያ እትፈልጥ። እንተኾነ ግን፣ እዚ'ውን ዘገድሳ ኣይነበረን። እቲ ኩሉ ሰብ ዝሽቑረረሉ ሞት፣ ንዓኣቶምሲ መስዋእቲ ድኣ'ምበር ሞት ኣይኰነን። ምኽንያቱ፣ መስዋእቲ ንዝኾነ ሰብ እትወሃብ ህያብ ኣይኮነትን። መስዋእቲ ዝቕበል፣ እቲ ብዙሓት ንኽርህዎም ንሱ ዝጠፍእ ሰብ ጥራሕ'ዩ። እቲ ንስለ ካልኦት ክብል ዝሞተ ጅግና ጥራሕ ዝረኽቦ ካልእ ገጽ ናይ ሞት'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ ሞት ከይትመጾ ፈሪሑ ነብሰ

ስጋኡ ዝውድእ ተጋዳላይ ኣይነበረን። ሞት ድአ መሓዛኡ እንዳኣላ። ደቂ ሰብ ኣሪጎም ከይሞቱ'ኳ እናረዓዱ፣ እቶም ኣብ መኣዲ ምረት ገድሊ ዝተጸምዱ ተጋደልቲ ግና፣ ኣብ ድነ ሞት ኣጽሊሎም ይውዕሉን ይሓድሩን። ሞት ኩሉ ግዜ ኣብ ጐድኖም ኣላ። ጽባሕ ዲያ እትጐብጦም ዋላስ ድሕሪ ጽባሕ ዘይፈልጡ 'ውን እንተኾኑ፣ ኣብ ዘይተጸበዩዎ ግዜ ከምእትጐብጦም ግና ኣጸቢቖም ይፈልጡ ነይሮም።

ንስለ ህዝቢ ምሕላፎም ሓላል ምዃኑ 'ዮም ዝኣምኑ። ክንዲ ዝኾነ ድማ'ዮም ንመስዋእቲ ዝቀዳደሙላ ዝነበሩ። በ'ጃ ህዝቦም ንምሕላፍ ነታ ተመሊሶም ዘይረኽቡዋ ሂወቶም ይብጅዉ። ኣብ ትሕቲ ባና ዋግዋግታ ብርሃኑ ዘይለኣኽ ጸዋግ ዘበን ኮይኖም፣ ነቲ ርሁው መዋእል ይጽበዩ። ጸዋግ ዘበን ብኸቢድ ዋጋ ሂወቶም ፍሽኽ ከምዝብል ተጠራጢሮም ኣይፈልጡን።

እቶም ውሑዳት ዝበሃሉ ዝነበሩ ተጋድሎ ሓደ ድሕሪ ሓደ እናተወሰኹዎም ቍጽሮም ሰሲኑ'ዩ። ካብ ቍጽሪ ኣጻብዕ ናብ ዓሰርተታት፣ ካብ ዓሰርተታት ድማ ናብ ኣሽሓት ደይቦም። ገዛእቲ ግን ንህዝብን ገድልን ኤርትራ ንኽንበርክኹን ኣብ ብርኮም ኣስጊዶም ስዩም ንኽብሉን ከይደቀሱ ይሓድሩ ነይሮም። ነዚ ንምግባር ከኣ፣ እንተስ ብደገፍ ርእሲ ሓያላን፣ እንተስ ብሸመታ፣ ኣጽዋር ንምእካብን ሰራዊት ንምዕላምን ይጓየዩ ነይሮም።

መትከልን ሽመታ ኣጽዋርን፣ ጽንዓትን ፈኸራን፣ ብዝሕን ዋሕድን ግና ነናተን ትርጉም ዘለወን በብትርጉመን ከኣ ዝግለጻ እንዳኣለን። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ ሰብ መትከል ንቕልጣፈን ጽባቖን ናጽነት ክብሉ ኣብ ብልሒ ፈተነ ደው ኢሎም። በቲ ፈተነ'ቲ ሓሊፎም ከኣ ክብርን ዋጋን መትከሎም ኣመስኪሮም። ኣብ'ቲ ወለቕ ዘለቕ ዘብል ህሞት ኮይኖም፣ ብዝሒ ሰራዊት ጸላኢን ደገፍ ርእሰ ሓያላንን ከይደሃሎም "ንሕና ንሃገርና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጽኑዕ መትከል ንጉዕዞ ገድሊ ምስናይ ውሽጣዊን ግዳማዊን ተጻብኦታቱ ቀጺሎሞ።

ኩሉ'ቲ ናብ ገድሊ ዝተጸንበረ ተጋድሎ ነታ እንኮ ሂወቱ'ዩ ዝውንን። መዛሙር ውልቁን ዋኒኑን ረጥሪጡ ናብ'ቲ ሓባራዊ መዝሙር ዝዝመረሉ ገዳም ገድሊ ውሒዙ። ደሙ ብደም ሓድነት ተበጽቢጹ ብሓደ ውቂዒት ልቢ ከምዝጭንጓዕ ኮይኑ። ልቢ ሓድነት እትጭንጉዖ ደም ከኣ ናብ መላእ ኣካላት ብዘይ ኣፈላላይ'ዩ ዝበጽሕ። ነፍሲ-ወከፍ ህርመቱ ብሓደ የባጽሕ። ልቢ ንል-ኣስተይቲን ወዲ ተባዕታይን፣ ልቢ ኣስላማይን ክስታናይን፣ ንልቢ ቆለታይን ከብሰታይን ኣብ ሓደ ህሞትን ሓደ መጠንን ይጭንጓዕሎም።

ሂወት ገድልን ተጋድሎን ከኣ ትለምዕ። መመሊሳ ተጕላዕልዕ። እቲ ውሑድ ቍጽሪ ይስስን። ገለ እናተሰውአ ብዓጸፍኡ ድማ ይስለፍ። ገድሊን ምትኽኻእን ዘይነጻጸሉ መሓዙት እዮም። ንስለ ህዝቡ ዝውፈ ገድሊ ከም ዘይነጽፍ፣ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ንምስክርነት ብቑዕ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ንሓቀኛታት ተቓለስቲ ከም ዓሳ ክንምስሎም እንከለና፣ እቲ ናተይ'ዩ ዝብሎ ህዝቢ ድማ ከም ባሕሪ ክምሰል ይከኣል'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ እቲ ክሳብ ዓንቀሩ ዝዓጠቐ ጸላኢ ከጥፍኦም'የ እንተብለ፣ እቲ ዓቃል ባሕሪ ኣብ ማዕሙቕ ከርሱ ኣእትዩ ከዕቍቦም ዘይክእል ኣይኰነን።

እዚ ገዛእቲ ዝተበራረዩሉ ህዝቢ'ዚ ግን ኣሚን ኢሉን ሰጊዱን ኣይፈልጥን'ዩ። ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ጀሚሩ፣ ሓይሎምን ብዝሑምን ብዘየገድስ ዓቕሙ ብዝፈቐደሉ መጠን "እምቢ ንመግዛእቲ" ምስበለን ምስተቓለሰን'ዩ። ሓደገኛ ጽላሎት መግዛእቲ ንሰላሙ ከምዝዘርገሉ ስለዝፈልጥ ድማ ዕጭ ይወድየሎም።

ጸላእቲ ብሳላ ደገፍ ጎይቶቶም ዕጥቆም ዘበናዊ፣ ሓይሊ ሰቦም ከኣ ክሳብ ግበረ ሃይል ዝበሃል ልዑል ውደበ ተሰጋገረ። እንተኾነ፣ ሕጂ'ውን መትከልን ሓይሊ ገዛእትን'ዩ ክራጸም። ደቂ ሓቂን ደቂ ዓመጽን ኣብ ሓደ መኣዲ እዮም ክጽመዱ። እቶም ብዙሓትን እቶም ውሑዳትን እዮም ክፋጠጡ። ኩሉ ዓይነት ኣንጻራት ኣብ ሓደ ዓውዲ። እቶም ሳላ ዝሰሰኑ ንሓያለይ ከተማታት ሓራ ዝገበሩ ገድሊን ተጋድሎን ኣመቶም ናብ ናጽነት ገጹ'ዩ ዘዝዩ ዝነበረ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ ኣብ'ቲ ደበና ዘይነበሮ ሰመያዊ ሰማይ ዘንብብዎ ንናጽነት ዝመሳሰል ቃላት ነይሩዎም'ዩ። ግና ኸኣ፣ እቲ ንባብሲ ዝተወጃበረን ጽባቐ ዘይነበሮን እዩ ዝነበረ።

ጸላኢ ነቲ ዓቕሊ ጽበታዊ ህሞት ከምኡ ኢሉ ክሓልፎ ምርጫኡ ኣይነበረን። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ ነቲ ምስ ሶማል ዝተወልዐ ኲናት ኣመኽንዩ ማእለያ ዘይብሉ ሓገዝ ረኺቡ። በቲ ሓገዝ'ቲ ገይሩ እኹል ዓቕሚ ሰብ ከኽትት ኣይተጸገመን። ብዓቢኡ ድማ ክረምሊን ኣብ ጎድኑ ደው ኢላትሉ ነይራ ኢያ። ስለ'ዚ፣ ''ኣብ ምብራቕ ዘመዝገብናዮ ዓወት ኣብ ሰሜን ክንደግሞ ኢና'' እናበለ ናብ ኤርትራ ተጠውዩ።

ሽዑ፣ እቶም ኣብ ኣፍ-ደገ ኣስመራ ኮይኖም ሓሙሽተ ቃጽያ ተሪፈናና ዝብሉ ዝነበሩ ገድሊን ተጋድሎን ሓደ ነገር ክገብሩ ነይሩዎም። ምስ'ቲ ክሳብ ዓንቀሩ ዝዓጠቐ ሰራዊት ገጢምካ ተለኻኺምካ ምጥፋእ'ዶ ዋላስ ነብስኻ ዓቂብካ ንዳሕራይ ዘሐጉስ ስራሕ ምስራሕ? ዝብል ሕቶ ክምለሽ ከኣ ግድነት ነበረ።

ገድሊን ተጋድሎን ነቲ ነብስኻ ዓቂብካ ኣብ ዝጥዕመካ እዋን ምምላስ ዝብል ምርጫ 'ዮም ከም ኣማራጺ ወሲዶሞ። ምኽኒያቱ፣ ምስ'ቲ ዝረገፈ እንተረገፈ ቅጭጭ ዘይብሎ ስርዓት ተለኻኺምካ ምጥፋእ፣ ንኽሳራ ጥራሕ እዩ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ እተን ኣብ ኣፍ-ደገ ኣስመራ ዝነበራ ኣእጋር ንድሕሪት ገጸን ክምለሳ ተቐሰባ። እዚ ኣገባብ'ዚ ብቛንቋ ውትህድርና ምንስሓብ ወይ ምዝላቕ እዩ ዝብሃል። ስለዚ፣ ሰውራ ኤርትራ ካብ ከበሳታት ናብ ሳሕልን ባርካን ተመሊሱ ማለት'ዩ።

ይቕጽል

ኣብርሃም ዮውሃንስ (እብር)